ዋሕስ ናይ ገዛ ቁጠባን ህንፀትን ኣ/ማ ዝተፈላለዩ ኮምፕዩተራትን ተዛመድቲ ኣቁሑትን ብግልፂ ጨረታ ኣወዳዲሩ ክዕድግ ስለ ዝደለየ

- ዝወፀሉ መዓልቲ: ዓርቢ ታሕሳስ 18, 2017 (ቅድሚ ሓደ ዓመት)
- ዝዕፀወሉ መዓልቲ: ታሕሳስ 26, 2017 3:00 ቅ/ሰዓት (ተዓፅዩ)
- ናይ ጨረታ መድሓዚ ዋጋ:10,000
- ቦታ:መቐለ
- ናይ ደኩመንት ዋጋ:200.00
- ጨረታ ዝክፈተሉ መዓልቲን ሰዓትን: ታሕሳስ 26, 2017 3:30 ቅ/ሰዓት
- መደብ: ኮምፒተርን ተዛመድቲ / ኤሌክትሮኒክስ መሳርሕታትን መለዋወጢን/

ምልክታ ግልፂ ጨረታ ኤሌክትሮኒክስ

ዋሕስ ናይ ገዛ ቁጠባን ህንፀትን ኣ/ማ ዝተፈላለዩ ኮምፕዩተራትን ተዛመድቲ ኣቁሑትን ብግልፂ ጨረታ ኣወዳዲሩ ክዕድግ ስለ ዝደለየ ነቲ ዝተቀመጠ ረቋሕታት እተማልኡ ሕጋውያን ነጋዶ ንክትወዳደሩ ይዕድም፤

1. ተጫረትቲ በቲ ዘርፊ ናይ 2017 ዓ/ም ዝተሓደሰ ሕጋዊ ንግዲ ስራሕ ፍቃድ ፣ናይ ቫት ተመዝገብቲ መረጋገፂ ምስክር ወረቀት፣ናይ ግብሪ ከፋሊ ምስክር ወረቀት (TIN) ፣ ኣብ ናይ መንግስቲ መቅረባይነት ዝርዝር ዝተመዝገቡ ምኻኖም ምስክር ወረቀት ኮፒ ጌሮም ከቅርቡ ዝኽእሉ፤

2. ተጫረትቲ ብር 10,000(ዓሰርተ ሽሕ) ናይ ጨረታ መኽበሪ ውሕስና ካብ ዝተፈለጠ ባንኪ ናይ ክፍሊት መአዘዚ (cpo) ብሽም ዋሕስ ናይ ገዛ ቁጠባን ህንፀትን ኣ/ማ ከትሕዙ ዝኽእሉ።

3. ተጫረቲ ሓደ ኦርጅናልን ሓደ ኮፒን ዶክመንት ኣብ ዝተፋላለየ (ነንበይኑ) ፖስታ ብምዕሻግ ድሕሪኡ ኣብ ሓደ ዓብይ ፖስታ ዓሸጎም ብምቅራብ ናይ ድርጅቶም ማህተም ኣብ ሕድሕድ ሰነድ ጨረታ ብንፁር ብምግባር ከቅርቡ ኣለዎም። ስፒኦ(cpo)ድማ ንበይኑ ፖስታ ተዓሸጉ ምስ መወዳደሪ ዶክመንት ተተሓሒዙ ክቀርብ ኣለዎ፤

4. ተጫረቲ ዋጋ ካብ ናይ ባዕልና ሰነድ ጨረታ ወፃኢ ምምላእ ኣይከኣልን፤

5. ተጫረቲ ድሕሪ ሳዕን ምኽፋቱ ጨረታ ኣይሳተፍን ምባል ኣይፍቀድን ከምኡ ንዝብል ዘትሓዞ ትሕጃ ኣይምለሰሉን/ናብ ትካልና ኣታዊ ይከዉን ማለት እዩ/

6. ተጫረትቲ ዘይምለስ ብር 200.00(ኽልተ ሚኢቲ) ብምኽፋል ሰነድ ጨረታ ካብ መቐለ

ዋና ቤት ፅሕፈት ዋሕስ ናይ ገዛ ቁጠባን ህንፀትን ኣ/ማ ቢሮ ቁፅሪ:- 212 ክፍሊ ዕደጋን ፋይናንስን ምውሳድ ይኽእሉ።

7. ዝሰዓረ ተጫራታይ ሰዓራይነቱ ምስ ተነገሮ ካብ ዝሰዓሮ ጠቅላላ ዋጋ 10% (ዓሰርተ ፐርሰንት) መኽበሪ ውዕሊ ካብ ዝተፈለጠ ባንኪ ናይ ክፍሊት መአዘዚ (cpo) ብሽም ዋሕስ ናይ ገዛ ቁጠባን ህንፀትን ኣ/ማ ኣትሒዙ ኣብ ውሽጢ 3 መዓልቲ ዉዕሊ ክኣስር ዝኽእል፤

8. ዝሰዓረ ተጫራቲ ዝሰዓሮ ንብረት በቲ ዘቅረብናዮ ስፐስፊኬሽን መሰረት ኣብ ውሽጢ 7 ናይ ስራሕ መዓልቲ ናብ ትካልና ዋና ቢሮ

© መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ። 2013 - 2026 Made with love in Mekelle

ቀበሌ 16 ብናይ ባዕሉ መጓዓዓዚ መፅዓንን መራገፍን ሓዊሱ ከረክብ ዝክእል።

9. እቲ ጨረታ ካብ ዝወፀሉ ዕለት 18/04/2017 ክሳብ 26/04/2017 ዓ/ም ኣብ ኣየር ዝፀንሕ ኮይኑ ሳዕን ጨረታ ዕለት 26/04/2017 ዓ/ም ሰዓት 3:00 ቅድሚ ቀትሪ ተዓፅዩ በቲ ዕለት ሰዓት 3:30 ቅድሚ ቀትሪ ተጫረትቲ ወይ ሕጋውያን ወኪላቶም ኣብ ዝተረኽብሉ ኣብ ትካልና ቢሮ ቁፅሪ-212 ይኽፈት:: ተጫረትቲ ብናይ ባዕሎም ድሌት ኣብ ስነ ስርዓት ምኽፋት ጨረታ እንተዘይተረኺቦም ትካልና ጨረታ ሰነድ ናይ ምኽፋት መሰሉ ዝተሓለወ እዩ::

10. እቲ ብተጫረትቲ ዝምላእ ዋጋ ቫት ሓዊሱ ብናይ ኢትዮጵያ ብር ይኸውን፤

11. ትካልና ካብ ብር 10,000 ን ልዕሊኡን ንዝግበር ናይ ንብረት ካብ ብር 3000 ን ልዕሊኡን

ንዝግበር ናይ ግልጋሎት ዕድጊታት 2%(withholding tax) ትካልና ባዕሉ ዝእክብ ምኻኑ ዝኾነ መቅረባይ ኣፍልጦ ክህልዎ ይግባእ፣

12. ናይ ጨረታ ዋጋ ፀኒዑ ዝፀንሓሉ ግዜ 15 መዓልቲ እዩ፤

13. ሰዓራይ ተጫራቲ ንዘቕርቦ ንብረት ናይ ሓደ ዓመት ውሕስና ብፅሑፍ ን ትካልና ይህብ

14. ትካልና ብድሌቱ ክሳብ 20% መጠን እቲ ጨረታ ክዉስኽ ይኽእል፤

15. ትካልና ዝሐሸ መማረፂ እንተረኺቡ እዚ ጨረታ ብሙሉእ ወይ ብኽፋል ናይ ምስራዝ

መሰሉ ሕሉው እዩ።

ኣድራሻና: ኣብ 16 ቀበሌ ኣዳነ ሓጎስ ህንፃ (ናይ ዶ/ር ማርቆስ ሆስፒታል ዝነበረ)

ቀዳማይ ደብሪ ዋሕስ ናይ ገዛ ቁጠባን ህንፀትን ኣ/ማ ንርከብ፤

ንተወሳኺ ሓበሬታ ብቁፅሪ ስልኪ 0967-568418/0967-557103 ምሕታት ይኽእሉ።

© መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ። 2013 - 2026 Made with love in Mekelle